# ዜና (28-08-2007)

## ድምጻዊ ዮውሃንስ ትካቦ (ወዲ ትካቦ) እቲ ክፍኖ ዝጸንሐ ሓበሬታ ጌጋ ምዃኑ ይገልጽ

'ዮውሃንስ ትካቦ (ወዲ ትካቦ) ኣብ ሃገረ ሽወደን ዑቅባ ሓቲቱ' ዝብል ካብ ትማሊ ክፍኖ ዝጽነሐ ወረ ጌጋ ሓበሬታ ምኻኑ፡ ወዲ ትካቦ ምስ መርበብ ሓበሬታ በይሉል ዳት ኮም ኣብ ዝገበሮ ቃለ መሕትት ሓቢሩ።

ወዲ ትካቦ ኣብቲ ዝሃቦ ቃለ መሕትት 'እዚ ጉዳይ ከቢድ ነገር እዩ።እቶም ከምዚ ሓበሬታ ዝነዝሑ ክጥንቀቑ ከምዘለዎምን ከሕትቶም ከምዝክእልን ክፈልጡ ይግባእ  ድሕሪ ምባል 'ኣነ ተሪፈ ኣይተሪፈ ዓቢ ጉዳይ ኣይኮነን፡ ንኤርትራ ዘድልያ ተስፋ፡ ኣጆኩም ከምዚ ክንከውን ኢና ኣብዚ ክንበጽሕ ኢና እንዳበልካ ነቲ ህዝቢ ሞራል ምሃብ እዩ' ብምባል እቲ ዝተገብረ ጽቡቅ ከምዘይኮነ ንዑኡ'ውን ከምዘየሰክፎ ድሕሪ ምግላጽ፡ ንህዝቢ ኤርትራ ሰላምትኡ ኣማሓላሊፉ።

በዚ ኣጋጣሚ ድምጺ መሰልና በቲ ዝተገበረ ጌጋ ይቅሬታኣ እንዳገለጸት ንወዲ ትካቦ ኣብ ስርሑን ጉዕዝኡን ኣሳልጦ ክረክብን ጽቡቅ ዕድልን ትምነየሉ።

## ኢትዮጵያ ሽዱሽተ ኖርዌጃውያን ዲፐሎማት ካብ ሃገራ ኣባሪራ

ኢትዮጵያ ሽዱሽተ ኖርዌጃውያን ዲፐሎማት ካብ ሃገራ ከምዘባረረት ቢ.ቢ.ሲ ዳት ኮም ሓቢሩ። ቀንዲ ናይዚ ምኽንያት፡ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያት ኢትዮጵያ ኢደ ኣእታውነት ብምህላዎም ምዃኑ ንኣፈኛ ሚኒስትሪ ወጻኢ ጉዳያት ኢትዮጵያ ብምጥቃስ እቲ ዜና ኣረዲኡ። ኣፈኛ ዋይዳ በላይ እቶም ዲፐሎማሰኛታት ስጋብ 15 መስከረም ኣብ ዘሎ ግዜ ክወጽኡ ከምዘለዎም እቲ ዜና ብተወሳኺ ኣረዲኡ።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ኢትዮጵያ ምስ ኖርወይ ዝኾነ ሓርፋፍ ዝምድና'ኳ እንተዘይሃለዋ ኖርወይ ምስ ኤርትራ  ዘለዋ ዝምድና ግን ከምዘየሐጉሳ ከምዘይገለጸት እቲ ዜና ወሲኹ ኣብሪሁ። ኖርወይ ብወገና፡ ዝኾነ ዘይዲፐሎማስያዊ ንጥፈታት ከምዘይኣርኣየትን ኢትዮጵያ ዝወሰደቶ ስጉምት ከምዘሕዘናን እቲ ዜና የረድእ።

እዚ ዝኾነሉ ቀንዲ ምኽንያት ኖርወይ እቲ ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝካየድ ካልኣይ ዙር ዝርርብ ዘተ ዶብ፡ ኣብ ቤት ጽሕፈት ኒው ዮርክ ክካየድ ደገፉ ብምግላጻ ምኻኑ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝመደበራ ኤሊዛቤት ብላንት ከምዘፍለጠት እቲ ዜና የረድእ። ኣፈኛ ሚኒስትሪ ወጻኢ ጉዳያት ኢትዮጵያ ዋይዳ በላይ ከምዝሓበሮ፡ እንተድኣ ኖርወይ ኣብቲ ዞባ ብኣወንታ ክትዋሳእ ድሌት እንተድኣ ኣርእያን ጌጋታታ ኣሪማን ዳግማይ ግምት ክግበረሉ ከምዝኽእል እቲ ዜና ገሊጹ። ንሱ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ኖርወይ ኣብ ሶማልን ኢትዮጵያን እስላማውያን ዕጡቃት ትሕግዝ ከምዘላ ገሊጹ።